## ሕማም ንፍዮ ዝምልከት ሓበሬታ

### ሕማም ንፍዮ እንታይ እዩ

ረኽሲ ንፍዮ ብቫይረስ ዝመጽእ ኮይኑ ኣብ ደቂ ሰባት ኣዝዩ ብቐሊሉ ዝላባዕ ሕማም እዩ። ምልክታት ምርኣይ ምስጀመሩ ሰባት ብቀልጡፍ ክሓሙ ይኽእሉ። መብዛሕትኡ እዋን ንኣናእሽቱ ህጻናት ዘጥቅዕ ኮይኑ ኣብ ዝኾነ ዕድመ ኮይንኩም እውን ብሕማም ንፍዮ ክትትሓዙ ትኽእሉኢኹም።

### ሕማም ንፍዮ ብኸመይ ይስፋሕፋሕ

ምስ ሕማም ንፍዮ ዘለዎ ሰብ ብቐረባ ብምርኻብ ብሕማም ንፍዮ ክትታሓዙ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ድማ ክስዕሉ ወይ ክህንጥሱ ከለዉ ካብ ኣየር ክኸውን ይኽእል። ሕማም ነፍዮ ኣብ ስድራቤታትን ካልኦት ሰባት ብቐረባ ኣብ ዝሕወሱሉ ቦታታትን ኣዝዩ ብቐሊሉ ይስፋሕፋሕ።.

እንተድኣ 2 ዶዝ ናይ ንፍዮ፣ ማምፕስን ንቤላን (MMR) ክታበት ወሲድኩም ወይ ቅድሚ ሕጂ በዚ ረኽሲ ተታሒዝኩም እንተድኣነይርኩም ብንፍዮ ካብ ምትሓዝ ክትድሕኑ ትኽእሉ ኢኹም።

ሕማም ንፍዮ ዘለዎ ሰብ ቅድሚ እቲ ዕንፍሩር ምውጽኡ ቅድሚ 4 መዓልታት ክሳብ ድሕሪ 4 መዓልታት ድሕሪ እቲ ዕንፍሩር ምምዕባሉ  እቲ ረኽሲ ከስፋሕፍሕ  ይኽእል።

### ምልክታት ንፍዮ

ምልክታት ሕማም ንፍዮ መብዛሕትኡ ግዜ ድሕሪ ምትሓዝ እቲ ረኽሲ ካብ 10 ክሳብ 12 መዓልታት ይጅምር። ሓደ ሓደ ግዜ ዝኾነ ምልክታት ንኽርኢ ክሳብ 21 መዓልታት ክወስድ ይኽእል።

ንፍዮ መብዛሕትኡ እዋን ቁሪ ብዝመስሉ ምልክታት ይጅምር። ፈለመቲ ምልክታት ሕማም ንፍዮ ዘካትቶም:

- ልዑል ረስኒ
- ፈሳሲ ወይ ምዕጻው ኣፍንጫ
- ምህንጣስ
- ሰዓል
- ቀይሕ፣ ቁስሊ ማይ ዝመልአ ኣዕንቲ

ድሕሪ ሒደት መዓልታት ኣብ ውሽጢ ምዕጉርትን ኣብ ድሕሪት ከንፈርን ንኣሽቱ ጻዕዳ ነጠብጣባት ክረኣዩ ይኽእሉ። እዞም ነጠብጣባት መብዛሕትኡ ግዜ ንውስናት መዓልታት ዝጸንሑ እዮም።

ዕንፍሩር መብዛሕትኡ እዋን ቁሪ መሰል ምልክታት ድሕሪ ምጅማሮም ካብ 2 ክሳብ 4 መዓልታት ይረአዩ። እቲ ዕንፍሩር ቅድሚ ናብ ካልኦት ክፋል ሰብነት ምስፍሕፍሑ ኣብ ገጽን ኣብ ድሕሪ ኣእዛን ይጅምር።

እቶም ናይ ንፍዮ ነጠብታታት ዕንፍሩር ሓልሓሊፉ ክውስኹ ይኽእሉ እዮም። ናይ ነጠብጣብ ምልክት ንምፍጣር ክእከቡ ይኽእሉ እዮም። ብዙሕ እዋን ኣሳሕዩን።

እቲ ዕንፍሩር  ኣብ ጻዕዳ ቆርበት ቡናዊ ወይ ቀይሕ ይመስል። ኣብ ቡናውን ጸሊምን ቆርበት ንምርኣይ ከጸግም ይኽእል እዩ።

### ሕማም ንፍዮ ክንደይ ዝኣክል ከቢድ እዩ?

ካብ 1 ክሳብ 15 ዝኾኑ ነፍዮ ዝሓዞም ሰባት ኣዝዮም ክሓሙ ይኽሉ እዮም። ንኣሽቱ ህጻናት፣ ነፍሰጾራትን ናይ ሕማም ምክልኻል ዓቕሞም ዝደኸሙ ሰባትን ብኸቢድ ናይ ሕማም ተኽእሎኦም ዝለዓለ እዩ።

ሕማም ንፍዮ ካብ ዘስዕቦም ከበድቲ ጸገማት ዝካተቱ:

- ናይ እዝኒ ረኽሲ
- ናይ ሳንቡእ ረኽሲ (ኒሞንያ)
- ውጽኣት
- ድርቀት
- ውነኻ ምስሓት (እዚ ሓልሓሊፉ ዝርኣ እዩ)

ኣብ እዋን ጥንሲ ረኽሲ ሕማም ንፍዮ ምንጻል ጥንሲእ ወይ  ህጻን ኣብ ዘይእዋን ምውላድ ከስዕብ ይኽእል።

## ምክልኻል ንፍዮ

ሕማም ንፍዮ ንምክልኻል እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ክታበት MMR እዩ።

እቲ ክታበት መብዛሕትኡ ግዜ ንህጻናት ብኽልተ ዶዝ ይወሃብ። እቲ ቀዳማይ ዶዝ  ዕድመኦም 12 ወርሒ ንዝኾኖም  ህጻናት ዝወሃብ እዩ፤ እቲ ካልኣይ ዶዝ ድማ ድሕሪ 3 ዓመትን 4 ወርሕን ምስ ኮኖም ይውሃብ።

ውላድኩም ምስ ሓደ ሕማም ንፍዮ ዘለዎ ሰብ ናይ ቀረባ ርክብ ከም ዘለዎ እንተተለልዩ ሓደ ሓደ ግዜ ሓኪምኩም ካብቲ ዝተትሓዘ መደብ ቀዲሙ ክታበት MMR ክወሃብ ክመኽረካ ይኽእል። ሓደ ዶዝ ንሓደ ትሕቲ 12 ወርሒ ዝዕድሚኡ ዕሸል እንተተዋሂቡ ሽዑ እቲ ልሙድ 2 ዶዝ ናይ MMR ኣብቲ ልሙድ ግዜ ክወሃብ ኣለዎ (ኣብ መንጎ ዝኾነ ዶዝ እንተውሓደ ናይ 1 ወርሒ ክኣፈላላይ ክህሉ ኣለዎ)።

ሓደ ሰብ እቲ ዶዝ እንተድኣዘይወሲዱ ወይ እቲ ክታበት ከምዝወሰደ ርግጸኛ እንተዘይኮይኑ እቲ ክታበት ኣብ ዝኾነ ዕድመ ክወስድ ይኽእል። ወለድን ኣላዪን ንናይ መዝገብ ክታበቶም ናይ ውላዶም ቀይሕ መጽሓፍ ክሪኡ ይኽእሉ።

ነፍሰ ጾራት ኣዴታት ወይ ድኹም ስርዓት ምክልኻል ሕማም ዘለዎም ሰባት ነቲ ክታበት ክወስዱ የብሎምን። ምስ ሕማም ንፍዮ ዘለዎ ሰብ ርክብ ዝገበሩ እንተመሲሎም ንተወሳኺ ምኽሪ ምስ ሓፈሻዊ ሓኪሞም ወይ መሕረሲቶም ክዘራረቡ ይግባእ።

ንክታበት MMR ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ዝስዕብ ርኣዩ:

http://www.nhs.uk/conditions/vaccinations/mmr-vaccine

ወይ እቲ QR ኮድ ስካን ግበሩ:

## ብሕማም ንፍዮ እንተድኣተጠቒዕኹም ካብ ካልኦት ሰባት ርሓቑ

ሕማም ንፍዮ ዘለዎ ሰብ ቅድሚ እቲ ዕንፍሩር ምውጽኡ ኣብ 4 መዓልታት ነቲ ረኽሲ ከስፋሕፍሕ ይኽእል። ሓደ ሰብ እቲ ሓፈው ምስወጸ ሕጂ'ውን ነቲ ረኽሲ ንተወሳኺ 4 መዓልታት ከስፋሕፍሕ ይኽእል።

ሕማም ንፍዮ ክህልወኩም ከም ዝኽእል ብበዓል ሞያ ክንክን ጥዕና እንተተነጊሩኩም እቲ ዕንፍሩር ካብ ዝተራእየሉ እዋን ጀሚሩ እንተወሓደ ን4 መዓልታት ካብ ክንክን ፣ቤት ትምህርቲ ወይ ስራሕ ክትርሕቑ ኣለኩም። ድሕሪ 4 መዓልታት ጽቡቕ እንተተሰሚዑኩምን ረስኒ ምስዘይህልወኩምን ናብ ንቡር ንጥፈታትኩም ክትምለሱ ትኽእሉ ኢኻ።

## ሕክምና ብሕማም ንፍዮ ንዝተጠቕዑ ሰባት

ሕማም ንፍዮ ኣብ ኣስታት ሓደ ሰሙን እናሓሸ ይመጽእ።

ዕረፍቲ ምውሳድ ከምኡ እውን ድርቀት ንምውጋድ ከም ማይ ዝበለ ብዙሕ ምስታይን እቲ ሕማም ንምሕካም ክሕግዝ ይኽእል።

ሕማም ንፍዮ ሓልሓሊፉ ካልእ ሕማም ከስዕብ ይኽእል። እቶም ሕማማት ንምሕካም ኣንቲባዮቲክስ ክውሃብ ይኽእል።

ብበዓል ሞያ ክንክን ጥዕና ሕማም ክታበት ክህልወኩም ከም ዝኽእል እንተተነጊሩኩምን ንስኹም ወይ ውላድኩም ዝያዳ ከቢድ ናይ ጥዕና ሳዕቤናት የማዕብሉ ኣለዉ ኢልኩም እንተሓሲብኩምን ንሓፈሻዊ ሓኪምኩም ክትረኽቡ ኣለኩም።

## ሕማም ንፍዮ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ርኣዩ:

http://www.nhs.uk/conditions/measles

ወይ QR ኮድ ስካን ግበሩ: